## ህልቂት ኡትኦዩ ብኸመይ ንቕልዑት ነረድኦም

ብ 22 ሓምለ 2011 ሓደ መቦቆላዊ ኖርወጃዊ ዝኾነ ውልቀሰብ ብዓይኒብለይ ስኒብለይ ቢሉ ቦምባ ኣብ ኢትናብለ ኣጻዊዱ ብምፍንጃርን ኣውቶማትክ ጠበንጃ ጌሩ ኣድራጋ ጠያይት ብምትኳስ ገና ለይለይ ዝብሉ ሸዉት መንእስያት ቐዝፍዎም ኣሎ። እዚ ኣረሜን ውልቀሰብ'ዚ ነዚኦም ዕምባባታት ዝቐንጠሶም ኣብ ኡትኦዩ እትብሃል ንእሽቶ ደሴት ካብ ኦስሎ ናይ ሰዓት ዘይመልእ ብእትናብለ ጉዑዞ ብምግባር ኣብቲ መንእሰያት ዝጋብእሉ ዓመታዊ ኣኼባ ኣዘንግዑ ኢዩ ተጻዊትሎም።

እዚ ግፍዔኛ ውልቀሰብ'ዚ ኣብ ልዕሊ ውጻእተኛታት ብዘለዎ ጽልእን ቅርሕንትትን የድምዕ'ዩ ዝበሎ ሕነ ቀራናት ንጓዓዓማማት ብኢደ ዋንኑ ህይወት ዕሸላት መንእሰያት ዝቐዝፍ ስጉምቲ ወሲዱ ኣሎ። እዚ ንዓለም ዘሰንበደ መቕዘፍቲ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ከሕድሮ ዘኽእል በሰላታት ርዱእ ኢዩ።

ምናልባት ዓበይቲ ሰባት ብዙሕ ዝረኣዩን ዘሕለፉን ሰለዝኾኑ ምስ ግዜ እንዳሃደኤን እንዳሃሰሰን ዝኸይድ በሰላ ክኸዉን ይኽእል። ኮይኑ ግን ኣቕልዑት ኩሉ ዕድሜኦም ኣብ ቅዲሚኦም ስለዘሎ ፍሉይ ኣተሓሕዛን ብዛዕብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ድማ ጥንቁቕ መረዳእታ ክህልዎም ይግባእ።

ብዙሓት ኣቖልዑት ተረብጾም እዮም። ብዙሕ ሕቶታት ከኣ ኣለዎም። ምናልባት ገሊኦም ብቐጥታ ዝተተንከፉ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲኦም ገሊኦም ከኣ ብሓፈሻ ዝሰንበዱ ክኾኑ ይኽእሉ። ምስ'ዚ ዝተተሓሓዘ ወለዲ ንደቆም ብኸመይ ከምዘረድእዎም ይሕርብቶም ይኸዉን። እቲ ሓቂ ግን ነቲኦም ኣቖልዑት ብቕንዕና ምርድኦም ይምረጽ። ኽትጥብሮም ምፍታን ጌጋ ኢዩ። ብፍላይ ንውሕስነቶም ብዝምልከት ውሑሳት ምኻኖምን እቲ ዝተፈጸመ ህልቂት ኩላ ሳዕ ዝዉቱር ከምዘይኮነ ከነረድኦም ኣሎና።

ድሕሪ ዝኾነ ሓደጋ ኣቖልዑት ካብ ወለዶም ድጋፍን ምጽንናዕን ይደልዩ። ነዚኤን ዝስዕባ ምኽርታት ወለዲ ከስተውዕሉለን ኣለዎም።

- ህድእ እልካ ግዜ ወሲድካ ነቲ ኹነታት ንምርዳእ መስቲኦም ኣቖልዑት ክንዛረብ ኣሎና። ሕቶታት እንተለዎም ከኣ ክሓቱ ክነተባብዖም ይግባእ።
- ንጽሁን ሓቀኛ ሓበሬታ ንቖልዑት ምንጋር ኣገዳሲ ኢዩ። እቲኦም ኣቖልዑት እቲ ዝንገሮም ዘሎ ሓቂ ተረድእዎም እንተኾይኑ ንምፍላጥ እንዳተወከሰካ ምርግጋጽ የድሊ።
- ነቲኦም ኣቖልዑት ውሑሳት ምኻኖም ክነረጋግጸሎም ኣሎና። ግዜ ሂብና'ውን ምሰኣቶም ብምጽዋትን ብምዝንጋዕን ፍቕርን ሓልዮትን ክነርእዮም ይግባእ።
- ነቲኦም ኣቖልዑት ኣወንታዊ ዝኾነ ብዛዕባ ዝተገብረ ረዲኤታትን ነቲኦም ብቐጥታ ዝትጎድኡ ቤተሰብ ዝግበር ሓገዛት እንተሎ ምርድኦም የድሊ።
- ኣብ መንጎ ዓበይቲ ዝግበር ዕላላት ብዛዕባ ዘሰካሕኽኽ ፍጻሜታት ንቖልዑት ከምዘስምብዶም ክንፈልጥ ይግባእ። ስለዚ ኣብ ቅድሚ ቖልዑት ኣድላይ ዘይኮነ ዛዕባታት ዘይምልዓል። ብዙሕ ግዜ ካብ ኢንተረነትን ቲቪን ሬድዮ ጋዜጣታት ዘኣመሳሳሉ ኣሰምባዲ ፍጻሜታት ስለዝለዓሉ ነቲኦም ኣቕልዑት ኣብ ርእሲ ጭንቀት ተወሳኺ ጭንቀት ስለዝፈጥረሎም ካብ ምዝውታሮም ክቒጠቡ ምክትታል የድሊ።

ኣብ መወዳእታ ክብሃል ዝከኣል ኣቖልዑት በቲ ዘለዎም ተኣፋፊ ኩነታት ብንጹር ንዘጋጠመ ህልቂት መረዳእታ ክህልዎም ስለዘይክእል ኣብ ኣእምሮኦም ኣዕናዊ ዝኾነ በሰላታት ኸይገድፈሎም ምእንቲ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ኣብዚ እዋን'ዚ ኸንቀርቦምን ክንረዳድኦምን ይግባእ።

ተጻሕፈ ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ ኦስሎ ኖርወይ 29/07/2011